# ትዝ ኢ.ልካኒ

ሕዳር 27/2016

ረድኢ. ክፍለ (ባሻይ)



ትዝ ኢ.ለካኒ ኣላህ ዎ! ኣክበር
ፍቓዱ ኲይኑ'ምበር ጅግና 'ዶታ 'ቐበር

ረስሚ ተኸዲንካ ብዓል ፎርማ
ዕማ እንተገበርካ ብዓል ግርማ
ንፈተውቲ ቊርኣን ተንብበሎም
ንጸላእቲ ብብረት ትሃድኖም
        ደርሆ ነቆ ጥንቲ ዝኸተተ
        ምስ ጀጋኑ ምስ ማሕበር ሸውዓተ
        ካብቶም ጀጋኑና ሓደ-ሓደ
        ንኽቃለስ ኢ.ሉ ዝተወልደ
ትዝ ኢ.ልካኒ……

መን'ዩ ሶይራ 'ሉካ ክቡር ኣቦ?
ሓቂ ኮይኑ ሳን ዝሓሰቦ
እምበር እምባ ኣርሒቑ ዝጥምት
ኣልቦ ነቕ-ነቕ ክንደይከ ትእምት
        መን ደፊሩ ሓመድ ከዲኑካ?
        ኣንታ ወድ-ደጋ ወድ-ባርካ
        ብኸዳ ትጅምር ክሳዕ ስብራ
        ብስምካ ክምሕል ስጋ ሶይራ
ትዝ ኢ.ለካኒ……

ኣሕመድ ሶይራ ፈለማ ናይ ቃለሲ
ንስኻስ ክትስእን ደሞክራሲ!
ንህዝቢ ትጋደል ብዘይ ማልያ
ሰይጣን ወሲዱዎ 'ቲ መዳልያ
        ኣሕመድ ሶይራ ኣንበሳ በረኻ
        ክንደይ ሽዳ ኣሪጉ 'ብ እግርኻ?
        ኣንታ ስረስ ብምንታይ ይትመን
        ክልተ እግሪ ናይ ዘእተወ 'ኮነን

ትዝ ኢ.ልካኒ.......

ዘይትርብርብ ዘብ-ዘብ ጉያ-ጉያ
ብቓልሲ ክትሓልም ወዲእካያ
ልሳንካ ትዛረብ ኣብ ኣሬባ
ዳንጋኻ ትምርሽ እምባ ሩባ
        ምሒሉ ዘይጠልም ረቢ ሃቦ
        ቃል-ኪዳን ውጹዓት ጉዳም ሸቦ
        ዝረብረቡ ከይዶም ብፍትሊ
        ናትካ ገረብ ዘይትረግፍ ቆጽሊ
ትዝ ኢ.ልካኒ.......

ትዝ ኢ.ልካኒ ሶይራ ዓቢ ሳግላ
ኣብቲ ሩባ ሆሚብ ትሕቲ ዓላ
ታሪኽና ክጥምዘዝ ምስ ሰማዕካ
ኣይፋልኩምን ክትብል ነዲርካ
        ኣሕመድ ሶይራ ኤርትራዊ ለምለም
        ትእወዶ የለን ኣብዛ ዓለም
        ሰማይካ ክፉት'ዩ ኣንታ ጅግና
        ንመን ድኣ ክትከውን 'ታ ጀና
ትዝ ኢ.ለካኒ.........

ቅድሚ ኹሉ እግሪ ዝተኸለ
ድሕሪ ኹሉ ኣሪገ ዝበለ
ቤተ-ሰብ የብለካን ትርፎ ንሕና
ኤርትራውያን ጽንዓት ይሃብና!!!!

ረድኢ ክፍለ (ባሻይ)